# ትወን ብኻዕበት

እቲ ትማሊ ነዚ ናይ ሎሚ ዘንበበ
ብርጋቱ ኣብ ጽማሚኡ ዘንበበ
ብጽፍሩ እምበር ትኳቦ ከይተጸበ
ትወኑ ካዕቢትሉ ሳላ ርሃጹ ዘንጠብጠበ

ንሪኢ ዶ የለናን ምስ ህጡር መሬተን

ብጸበባን ድርቅን ክቕዘፍ ህዝበን
ብምጽዋት ዝልለይያ ደበና እንዳማማተን ዘናዕድዋ
መፍቶ ገባቶ ኮይነን ኢደን ንረዲኤት ክስንድዋ

ምስ ስቡሕ ሸዕበተን ማና ክጽበያ

ብግብዝነት ማሲነን ኤንጂኦታት ሰሳስያ
ሳላ ጹረትን ዓቕልን ስራሕን እንዲና
ካዕበት ንጓርት ትወን መሊኡ ገደናና

መሬተን ብጀቕጀቑ ዛራ እንዳ ነተዐ

ህጡር ዱረን ማዕድናት ነዚው እንዳጎስዐ
የምባሁቕ ዜግአን ጓኖት ውህብቶ ከርሰን እንዳጓረትዎ
ብግብሪ ሪኢና ዝለፈዐ ጻማ ርሃጻ ከም ዘለዎ

እንሆ እንዶ ሳላ ኣኻውሕ ነዲሉ

ድሩቕ ከስብሕ ካብ ባዶ ነቒሉ

መርፍእን ፈትልን ኣላጊቡ ከይጀጀወ ንጸገም

ትወኑ ካዕቢቱሉ ኣብነት ዓያይነት ኮይንዋ ነዛ ዓለም

ንዕዘብ ዶ የለናን ብዓጸቦ ካብ ዝማስኑ

ነዛ ድራር ዕለቶም ክብሉ ጎሓፍ ዝድፈኑ
እንተ ንሕና ግና ቀውዕና ሃጢሩ ሺሻይ መሊኡ ተመስገን
ዲጋታትና ቀምበይበይ ገደናና ካዕቢቱ ትወን

ብድሩት ዓቕሚ
ግን ከኣ ዕጽፊ ዕጽፊ ዓማሚ
ሳላ ጽማመን ትዕግስትን ስራሕን ትማሊ
እንሆ ሺሻይና መሊኡ ካዕበት ንሓፍስ ሎሚ



ኣሸናፊ ኣብርሃም (ኣሼ)
ጀርመን / 2017